

# ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን
# ዓመታዊ ናይ ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ዓዲላ



ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 27.06.14 ወለድን ሸማግለ ማሕበረኮምን ምማህራን ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ናይ ቤት ትምህርቲ መዕጸዊ ስነ ስርዓት ኣብዘካየደቶ ንተምሃሮ ቋንቋ ኣደ ናይ ዓመት ጻምኣም ምስክር ወረቐት ዓዲላ ።

እዞም ተመሃሮ እዚኦም ኪኖእቲ ቋንቋ ኣደ ምምሃር ፡ ታሪኽ ሃገሮምን ባህሎምን ክፈልጥሉን ከዕቅብሉን ከማዕብልሉን ብዘኽእል ኣገባብ ክካየዱ ከለዉ ፡ ብተወሳኺ ኣብ ዓመታዊ ሃገራዊ በዓላትን ዝኽርታትን ፡ ዝተፈላልየ ሃገራዊ መልእኽቲ ሓዘል ጽሑፋትን ፤ መዛሙርን ፤ ዜማታትን ብምቕራብ ኣብ ከተማ ከለን ብግብሪ ኣመስኪሮም እዮም። ናይዞም ብማ/ኮም ዝናበዩ ተማህሮ ኣብ ርእሲቲ ዝቐስምዎ ትምህርቲ ፡ እቲ ናይ ኤርትራዊ ቐንዲ መለለዩ ዝኾነ ዝምስርትዎ ፍቕሪን ፤ ምሕዝነትን ፡ ክቱር ምንፍፋቕን እዩ ። ነዚ ቅዱስ ዕዓላማን ሃገራውነትን መንነትን ባህልን ንምዕቃብ ብምሉእ ሕልና ብጉልበትን ብቑጠባን ከይተሓለሉ ናይ ዘበርከቱ ግዱሳት ኣባላት ማሕበርን መማህራንን ወለድን ውጽ ኢት እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ
ኮሚቴ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን
Eritreischer Kultur- und Sozialverein e.V. Köln